ተዋህዶ ኦርቶዶክስ ቤት ክርስቲያን ናይ ዲያቆናትን ምእመናንን ሓጺር ጸሎት።

ናይ ዲያቆናት ጸሎት።

ኣብ መንገድ ናብ ቤተ ክርስቲያን ዚዝመሩ መዝሙራት።

መበል **122** መዝሙር

ናብ ቤት እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ። ኦ ኢየሩሳሌም ኣእጋርና ኣብ ደጌ ታትኪ ቆይመን ኣለዋ። ኣቲ ኢየሩሳሌም ከም ንሓድሕዳ እተጋጠመት ከተማ ተሓነፅኪ። እቶም ዓሌታት፥ ዓሌታት እግዚኣብሔር፥ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ፥ ንእግዚኣብሔር ክውድሱ ናብኣ ይድይቡ። ኣብኣ ዝፋናት ፍርዲ ዝፋናት ዳዊት ተነቢሩ ኣሎ። ንኢየሩሳሌም ሰላም ለምኑላ፥ እቶም ዘፍቅሩኺ ክለምዑ እዮም፥ ኣብ ውሽጢ መከባብያኺ ሰላም፥ ኣብ ውሽጢ ኣዳራሻትኪ ልምዓት ይኹን። ስለ ኣኅዋተይን ብጾተይን ሰላም እኹንልኪ እብል። ስለ ቤት-እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኢለ፥ ሠናይኪ እደሊ ኣሎኹ። ሃሌ ሉያ።

መዝሙር **27: 4-5**

ብመዓልቲ ጸበባ ኣብ ዳሱ ክሓብኣኒ፣ ኣብ ውሽጢ ድኳኑ ክኸውለኒ ኣብ ከውሒ ልዕል ኩብለኒ እዩ እሞ፥ ንእግዚኣብሔር ሓንቲ ነገር ለሚኖዮ፥ ግርማ እግዚኣብሔር ንምርኣይ መቕደሱውን ንምምርማርስ ምሉእ ዕድመይ፥ ኣብ ቤተ እግዚኣብሔር ክነብር ደልየ ኣሎኹ።

መዝሙር **65: 4**

4: ንስኻ ዝመረጽካዮ፥ ኣብ ኣደባባይካውን ክሓድር ዝተቐበልካዮ ብጹእ እዩ፤ ካብ ቤትካ በረኸት ክንጸግብ ኢና።

ናብ ቤተ ክርስቲያን ክንኣቱ ከለና ዚዝመሩ መዝሙራት

መበል **84** መዝሙር

ኦ ጐይታ ሠራዊት መቕደስካ ክንደይ ባህ ዘብል እዩ። ነፍሰይ ንዓፀደ እግዚኣብሔርትናፍቖን ሃረር ትብሎን ኣላ፥ ነፍሰይን ሥጋይን ንሕያው ኣምላኽ ዕልል ይብላሉ። ዑፍ እኳ ቤት ረኸበት፥ ለኻኹቶ'ውን ጨቓዊታ እተንብረላ ቤት ረኸበት፥ መሠውዒታትካ ኦ ጐይታ ሠራዊት፥ ንጉሠይን ኣምላኸይን። ኣብ ቤትካ ዝነብሩ ብፁዓን እዮም፥ ኵሉ ጊዜ ይውዱሱኻ። ኃይሎም ብኣኻ ዝኾነ፥ ብልቦም ንመገድኻ ዚሓስቡ ሰባት፥ ብፁዓን እዮም። ብለሰ ብኽያት ክኃልፉ ከለዉ ዓይኒ ማያት ይገብርዎ፥ ዝናም ኣዝመራ'ውን ብበረኸት ይኸድኖ። ካብ ኃይሊ ይሊ ናብ ኃይሊ ይኸዱ፥ ኣብ ጽዮን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይቐሙ። ኦ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ጸሎተይ ስማዕ። ኦ ኣምላከ ያዕቆብ ጽን በል። ኣታ ዋልታና ዝኾንካ ኣምላኽ ረአ ገጽ ቅቡዕኻ'ውን ጠምት። ካብ ሽሕስ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ዓፀድካ ትኃይሽ እያ እሞ ፥ ኣብ ድኳን ረሲዓን ካብ ምንባርስ፥ ኣብ ቤት ኣምላኸይ ሓላው ደገ ምኻን ይሕሸኒ። እግዚኣብሔር ኣምላኽስ ፀሓይን ዋልታን እዩ እሞ፥ እግዚኣብሔር ጸጋን ክብርን ይህብ። ነቶም ብቕንዕና ዚመላለሱ ሠናይ ዘበለ ኣይከልኦምን እዩ። ኦ ጐይታ ሠራዊት ኣባኻ ዝውከል ሰብ ብፁዕ እዩ።ሃሌ ሉያ።

ኣብ ቅድሚ መሰውኢ ዚዝመሩ መዝሙራት።

መዝሙር **5፡ 7**

ኣነ ግና ብብዝኂ ሣህልኻ ናብ ቤትካ ክኣቱ ብፍርሃትካ ናብ ቅድስት መቅደስካ ኣቢለ ክሰግድ ኢየ።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽና ምስ ኄር ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን፥ ሕጅን ንኹሉ ግዜን ንሰግ ደልካ ኣሎና። ኣሜን።

መበል **123** መዝሙር

ኣታ ኣብ ሰማያት እትነብር፥ ኣዕይንተይ ናባኻ እልዕል ኣሎኹ። እነሆ ከምቲ ኣዕይንቲ ባሮት ናብ ኢድ ጐይታኦም፥ ከምቲ ኣዕይንቲ ገረድ ናብ ኢድ እመቤይታ ዝጥምታ፥ ከምኡ ውን ኣዕይንትና ንሱ ክሳዕ ዝርኅርኅልና፥ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ይጥምታ ኣለዋ። ኣዚና ተናዒቕና ኢና እሞ ጐይታየ ምሓረና። ነፍስና ብላግጺ ሕንቁቓትን ብንዕቀት ዕቡያትን ኣዚያ ተጨነቐት። ሃሌ ሉያ።

ኣልባሰ ተክህኖ ክንለብስ ከለና ዚዝመሩ መዝሙራት።

መዝሙር መበል 30

ንላዕሊ ስሒብካኒ፥ ንጸላእተይ'ውን ብኣይ ኣየሐጐስካዮምን እሞ፥ ኦ እግዚኣብሔር ልዕል ኣብለካ ኣሎኹ። ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ ኣነ ናባኻ ኣእወኹ ንስኻ'ውን ኣጥዓኻኒ። ኦ እግዚኣብሔር ንነፍሰይ ካብ ሲኦል ኣውፃእካያ፥ ናብ ጉድጓድ ከይወርድስ ንሕይወተይ ኣድኃንካያ፥ ኲራኡ ንቕጽበት ዓይኒ እዩ፥ ጸጋኡ ግና ምሉእ ዕድመ ይጸንሕ፥ ምሸት ብኽያት ይስማዕ፥ ንግሆ ግና ዕልልታ ይኸውን እዩ እሞ፥ ኣቱም ቅዱሳኑ ንእግዚኣብሔር ዘምሩሉ፥ ንቅዱስ ዝኽሩ'ውን ኣመስግኑ። ኣነንከ ብራህዋይ ከቶ ኣይከንደልህጽን እየ በልኩ። ኦ እግዚኣብሔር ብሞጐስካ ንኸረነይ ኣጽኒዕካዮ፥ ገጽካ ከወልካዮ ኣነ'ውን ሰምበድኩ። ኦ እግዚኣብሔር ናባኻ ኣእውየ ንእግዚኣብሔር ለሚነዮ ከምዚ ኢለ፥ ናብ ጉድጓድ እንተ ወረድኩስ ካብ ደመይ እንታይ ክትረብሕ ኢኻ፥ መሬት'ዶ ክውድሰካን ንሓቕኻስ ከዘንቱ ይኽእል ድዩ፤ ኦ እግዚኣብሔር ስማዕ እሞ መሓረኒ፥ ኦ እግዚኣብሔር ረዳእየይ ኩን። ነፍሰይ ምእንቲ ክትዝምረልካን ስቕ ከይትብልስ ብኽያተይ ናብ ዕልልታ ለወጥካለይ፥ ከለይ ፈቲሕኻስ ደስታ ኣዕጠቕካኒ። ኦ' እግዚኣብሔር ኣምላኸይ ንዘለዓለም ክውድሰካ እየ። ሃሌ ሉያ።

መዝሙር መበል 93

እግዚኣብሔር ነጊሡ ግርማ ለቢሱ፥ እግዚኣብሔር ለቢሱ ሓይሊ ተዓጢቑ ኣሎ፥ ዓለም ከይትናወፅስ ኣጽኒዕዋ ኣሎ። ዝፋንካ ካብ ጥንቲ ጽኑዕ እዩ፥ ንስኻ ካብ ዘለዓለም ኢኻ። ጐይታየ! ወኃይዝ ኣልዓሉ፥ ወኃይዝ ድምፆም ኣልዓሉ፥ ወሓይዝ ህማሞም ኣልዓሉ። ካብ ድምፂ ብዙኅ ማያት፥ ካብ ሥልጡን ማዕበላት ባሕሪ፥ እግዚኣብሔርኣብ ላዕሊ ይሥልጥን። ምስክራትካ ኣዚዩ እሙን እዩ፥ ጐይታየ! ንቤትካስ ንዘለዓለም ቅድስና ይግባእ። ሃሌ ሉያ።

ካብዚ ንኔው ምእመናን እውን ኪጽሊዎ ይኽእሉ ኢዮም፥

ጸሎታት ንስሓ ኣግቢያ ይቕጽል፥

ጸሎት ንስሓ

ኦ ጎይታይን ኣምላኸይን መድኃንየይን ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ንስኻ በዓል ምሉእ ምሕረትን ፈልፋሊ ምድሓንን፣ ኃጢኣተይ እናተናዘዝኩ ናባኻ እመጽእ ኣለኹ። ብትብዓት ደፊረ ነቲ ቅዱስ መቕደስካ ብኃጢኣተይ ከም ዘርከስክዎ እናዘዝ ኣለኹ። ሕጂ ምሕረትካን ፍቕርኻን እልምን ኣለኹ፣ ምሕረትካ ወሰን የብሉን እሞ፤ ንስኻ ናባኻ ንዝመጽእ ሓጥእ ከቶ ኣይትመልሶን ኢኻ። ኃጢኣት ንየእሙሮይ ጾር ከምዚኾኖን ሓይሊ'ውን ከም ዘይብለይን እናዘዝ ኣለኹ። ገጽካ ካባይ ኣይትመልስ፤ ብቑጥዓኻ ኣይትግንሐኒ፣ ብመዓትካ ድማ ኣይትቕጽዓኒ። ደኺመ እየ እሞ፣ ኦ ጎይታ፣ ራሕርሓለይ። ከም ምሕረትካ ደኣ እምበር፥ ከም ሓቅነትካ ኣይትፍረደኒ፣ ነቲ ናትካ ፍጥረት ዘከሮ፤ ኣብ ፍርዲ ኣይተቕርበኒ፣ ከመይሲ ካብ ባሮትካስ ሓደ እኳ ብግብሩ ኪጸድቕ ዝኽእል የልቦን። ንኽብርኻ ዚበቅዕ ሓድሽ ክዳን ኣልብሰኒ። ኃጢኣተይ ይቕረ በለለይ፣ ኣነ ድማ “ሓጢኣቱ ዝተሓድገሉ ሰብ ብጹእ እዩ” እናበልኩ ክዝምር እየ። ኣነ ኃጢኣተይ ክናዘዝን ኣበሳይ ክገልጽን ከለኹ፣ ንስኻ ተንጽሃኒ። ኣሜን።

ቅድሚ ንስሓ ዝግበር ጸሎት

ኦ ቅዱስ ኣቦ፣ ንስሓ ሓጥኣን እትደሊ፣ ክትቅበሎም ከኣ ቃል ዝኣቶኻ፣ ሕጂ፣ ኦ ጎይታ፣ ነዛ ኃጥእ ነፍሰይ ርኣያ፣ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ጐላጕል ኣበሳ ተጋገየን መገደይ ስሒተን እየ እሞ፣ ካብ ፈልፋሊ ምድሓነይ ስለ ዝተፈለኹ ድማ መሪሩንን እኵይ ኰይነን ኣለኹ። ይኹን እምበር፣ ሕጂ ካብ ኵሉ ርኽሰትን ርስሓትን ክነጽህ እናለመንኩ ናባኻ እመጽእ ኣለኹ። ኣይትግደፈኒ፣ ተቐበለኒ ደኣ። ብሓልዮት ርኣየኒ፣ ብዓይኒ ምሕረትካ'ውን ተተሓሓዘኒ እሞ ክነጽህን ክድሕንን እየ፤ ከይጠፍእሲ ሸለል ኣይትበለኒ። በደለይን ሓጢኣተይን ምእንቲ ክናዘዝ፣ ብእምነትን ብተስፋን ናባኻ ክቐርብ ጸጋ ሃበኒ። ሓጢኣተይን ጌጋታተይን ጥፍኣተይን ምእንቲ ክርዳእ፣ ንልበይ ኣብርሃለይ። ንኽፋእ ክሓድግን ኣብ ትእዛዛትካ ምእንቲ ክጸንዕን ንኽብረ ቅዱስ ስምካ'ውን ኪነብር፣ ርድኣኒ። ኣሜን።

ድሕሪ ንስሓ ዝግበር ጸሎት

ኣነ ንሕያውነትካ የመስግን ኣለኹ፣ ኦ መፍቀሪ ሰብ፣ ከመይሲ ክጠፍእ ኣይደለኻን፣ ካብ ድቃሰይ ግና ኣበራቢርካኒ ናብ መገድኻ መሪሕካኒ ኢኻ። ካብ ጐልጕል ጥፍኣት ኣድሒንካኒ፣ ናብ ድኅንነት መሪሕኻ ድማ

ኣምጺእካኒ። ብተስፋን ብእምነትን ምልኣኒ፣ ከመይሲ ከምቲ ሕሙም ናብ ፈዋሲኡ፣ ከምቲ ጥሙይ ናብ ፈልፋሊ ህያው ማይ፣ ከምቲ ድኻ ናብ ምንጪ ሃብቲ፣ ከም ኃጥኣን ናብ መድሓኒ፣ ከም ምዉታት ከኣ ናብ ፈልፋሊ ህይወት ናባኻ መጺአ ኣለኹ። ንስኻ ኢኻ ምድሓነይ፣ ፈዋስየይ፣ ህይወተይ፣ ሓይለይ፣ ምጽንናዔይ፣ ታሕጓሰይ፣ ዕረፍተይ'ውን ኣባኻ እዩ። ሓግዘኒ፣ ሓልወኒ፣ ከም ፍቓድካ ምእንቲ ክነብር ድማ፣ ፍቓደይ ኣብ ኢድካ ከንብር ምሃረኒ። ምእንቲ ክጸንዕን ክሳዕ መወዳእታ ንኣኻ እሙን ኰይነ ክቅጽልን፣ ድኻመይ ኣርሕቐለይ። ኣሜን።

ጸሎታት ቅዱስ ቁርባን ኣግቢያ

ቅድሚ ቅዱስ ቁርባን ዝግበር ጸሎት

ኦ ጎይታይ፡ ኣነ ሓጥእ እየ እሞ፡ ኣብ ትሕቲ ናሕሰይ ክትኣቱ ኣይበቅዕን እየ፡ ቃል ጥራይ ተዛረብ፡ ነፍሰይ ከኣ ክትሓዊ እያ። ንነፍሰይ ድማ፡ "ኃጢኣትኪ ተሓዲጉልኪ" ኢዩ በላ። ኣነ ፍረ ዘይህብ እየ፡ ጽድቅኻን ርሕራኄኻን ምሕረትካን ፍቕርኻን የድልየኒ ኣሎ። ንስኻ ንርእስኻ ኣትሓትካ፡ ካብ ሰማያት ድማ በቲ ዘይንገር ክብርኻ ናብዚ ትሑት ኩነታትና ወረድካ፡ ኣብ መብልዕ ማል ክትውለድ'ውን ተቐበልካ። ኦ ቅዱስ መድሓኒ፡ ነዛ ንምጽኣት ክብርኻ እትጽብ ዘላ ትሕትን ግዝእትን ነፍሰይ ኣይትንዓቓ፡ ክተንጽሃ ግና ናብ ነፍሰይ ክትኣቱ ተቐበል። ከምቲ ነቲ ለምጻም ምእንቲ ክትፍውሶ ናብ ቤቱ ካብ ምእታው ዘይተኸልከልካ፡ በጃኻ፡ ኦ ጎይታ፡ ናብ ነፍሰይ እቶ እሞ ኣሕውየኒ። ቅዱስ ስጋኻን ክቡር ደምካን ካብ ምቕባል ኣይትኸልኣኒ። ከምቲ ነታ ሓጥኣ ዝነበረት ሰበይቲ ኣእጋርካ ካብ ምስዓም ዘይከልከልካያ። ምሳኻ ዘለኒ ሕብረት ንኹሉ ርኽሰት የርሕቐ፡ ንኽፉእ ትምኒተይ ድማ ይቕተል። ንህይወት ዝህባ ትእዛዛትካ ክእዘዝ ሓግዘኒ፡ ውህበታትካ ምእንቲ ክቕበል ድማ ንነፍሰይን ስጋይን ካብ ኵሉ ሓጢኣት ኣሕውዮም። ጸጋኻ ኣብ ውሽጠይ ይሕደር፡ መንፈስካ ድማ ኣብ ውሽጠይ ይንበር እሞ ምሳኻ ሓደ ይግበረኒ፡ ምእንቲ ንኽብሪ እቲ ቅዱስ ስምካ ኢለ ክነብር። ኣሜን።

ድሕሪ ቅዱስ ቁርባን ዝግበር ጸሎት

ልበይ ብሓጎስ፡ መልሓሰይ ድማ ብእልልታ መልአ። መንፈሰይ ንጐይታ ተዕብዮ፣ ነፍሰይ ድማ ብኣምላኽ በቲ መድሓንየይ ትሕጐስ። ኦ ጎይታይ፡ ናባኻ መጺአ ኣለኹ፡ ዘንጸባርቕ ክዳን ኣልብሰኒ፡ ናብ መርዓኻ ክኣቱ ድማ ብቑዕ ግበረኒ። እዚ ሎሚ ምሳኻ ዝገበርክዎ ሕብረት ንዘለኣለም ይኹን፣ ከመይሲ ብእኡ እዓቢ፡ ብትግሃት እጸንዕ፡ ብእምነትን ብተስፋን ድማ እብርትዕ። እዚ ቁርባን'ዚ ምልክት ምድሓንካ፡ ክዳን ጸጋ፡ ልብሲ ሓድሽ ልደት፡ ንጽህናን ጽድቅን ናይ ሥጋይን ነፍሰይን፡ ከምኡውን መዳለዊ ናይቲ ዘለኣለማዊ ፍቕርን ሓጎስን ይኹነለይ። ኦ ጎይታይ፡ ንርእሰይን ንፍቓደይን ንርሕራኄኻ ኣሕሊፈ እህብ። ንስምዒታተይን ንኣእምሮይን ድማ፡ ክትባርኾምን ከም ፍቓድካ ክትገብሮምን ናባኻ እጽውዕ ኣለኹ። ንልበይ ኣብርሃለይ፡ ንሕልናይ ድማ ኣበራብሮ። ንኹሉ ጽላሎት ጸላእቲ በትኖ። ነቲ ህውከት ኣህድኣዮ፡ ምሳይ ተመላለስ፡ ምርሓኒ ድማ። ምጽንናዕ ሃበኒ፡ ጽምኣተይ ኣርውየለይ፡ መዓልቲ ናብ መወዳእታ ገጻ ትመጽእ ኣላ እሞ ምሳይ ሕደር፡ ክሳዕ ወጋሕታ ድማ ኣሰንየኒ። ንስኻ በይንኻ ኢኻ ሸቶይን ሓጎሰይን፡ ሕጅን ንዘለኣለምን። ኣሜን።

ጸሎታት መምርሒ ኣግቢያ

ጸሎት ምእንቲ መምርሒ ኣምላኽ ምርካብ

ጐይታይ፡ ንስኻ ኣየናይ ሰናይ ንዓይ ጽቡቕ ከምዝኾነ ኣነ ከም ዘይፈልጥ: ትፈልጥ ኢኻ፡ ሕጂ ድማ (..........) ክጅምር ክብል ከለኹ፡ ብጸጋኻ እንተ ዘይመሪሕካኒ፡ ቅኑዕ ምኳኑ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል፧ ኦ ጐይታ፡ ኣብዚ ጉዳይ እዚ መምርሒኻ እልምን ኣለኹ። ዘዳናግረንን ዘውድቐንን እንተ ኾይኑ፡ ንዝንባለታተይ ክስዕብ ኣይትሕደገኒ። ከየንደልህጽ ሓልወኒ፡ ሓግዘኒ፡ ከም ፍቓድካ ድማ ይኹን። ብቑዕ ኰይኑ እንተ ተራእዩካ፡ ክውድኦ በረኸትካ ሃበኒ። እንተ ዘይኰነስ፡ ነዚ ባህጊ እዚ ካብ ልበይ ኣርሕቆ። ንስኻ ኵሉ ነገር ትፈልጥ ኢኻ፡ ካባኻ ዚስወር ድማ የልቦን። ጐይታይ፡ ኣነ ባርያኻ እየ፡ ንርእሰይ ንፍቓድካ እንተ ዘይኣግዚእ ዓወትን ሰላምን ከም ዘይረክብ እግንዞብ እየ እሞ፡ ከምቲ ንኣኻ ዝበለጸ ኰይኑ ዝርኣየካ ግበረለይ። ኣብ ኵሉ ኣጋጣሚ፡ “ጐይታይ፡ ከም ፍቓድካ ድኣ ይኹን እምበር፡ ከም ናተይ'ሲ ኣይኹን” ክብል ምሃረኒ። መንግሥትን ሓይልን ክብርን ንዘለዓለመ ዓለም ናትካ እዩ እሞ። ኣሜን።

ጸሎት ምእንቲ ናይ ኣምላኽ ምስናይ

ጸጋኻ ሃበኒ ኦ ጐይታ ኢየሱስ፡ ንስኻ ዓቃል ኢኻ እሞ፡ ኣነ ክሳዕ መወዳእታ ኣባኻ ምእንቲ ክነብር ንስኻ ድማ ምሳይ ኩን። ኩሉሳዕ ነቲ ንኣኻ ዘሐጕሰካ ክልምንን ኪምነን ሃበኒ። ፍቓድካ ፍቓደይ ይኹን። ፍቓደይ ኩሉሳዕ ንፍቓድካ ይከተል፡ ብፍጹም መገዲ ድማ ምሳኡ ድኣ ይሰማማዕ። ክልቴና ድማ ሓደ ፍቓድ ይሃልወና፡ ከመይሲ ብጀካ እቲ ንስኻ እትደልዮን እትምነዮን ገለ እኳ ክምነ ኣይደልን እየ።

ኣብ ኵሉ ነገር ኣባኻ ምእንቲ ክነብር፡ ካብ ኵሉ ንላዕሊ ድማ ከምቲ ንስኻ ክኾኖ እትደልየኒ ክኸውንን ነቲ ንስኻ ክገብሮ እትደልየኒ ክገብርን ባህጊ ምእንቲ ክሕዘኒ፡ ኣነ ንነገራት እዛ ዓለም እዚኣ ኪብህጎ ኣይትፍቀደለይ። ንስኻ ሰላም ልበይን መጸግዒ ህይወተይን ኢኻ። ንስኻ እቲ ናይ ሓቂ ሰላምን እቲ እንኮ ምጽንናዕን ኢኻ፡ ብዘይ ብኣኻ ኵሉ ነገር ከቢድን ዘደናግርን እዩ። ስለዚ ድማ: ኦ ዓቢይን ግሩምን ዘለኣለማዊ ፡ ኣብዚ ኣባኻ ዘሎ ሰላም ከዕርፍ እኽእል እየ። መንግሥትን ሓይልን ክብርን ንዘለዓለም ናትካ እዩ እሞ ኣሜን።

ጸሎታት መግቢ ኣግቢያ

ቅድሚ መግቢ ዝግበር ጸሎት

ኦ ጐይታ፡ ካብ ንእስነትና ጀሚርካ ዝደገፍካና፡ በረኸትካ ዝሃብካና፡ ንኹሉ ፍጥረት ድማ መግቢ ዘዳለኻ፡ ንስኻ ብሩኽ ኢኻ። ኣዒንቲ ኹሉ ናባኻ ይጽበያ እየን እሞ፡ ንስኻ ድማ ምግቦም በብእዋኑ ትህቦም ኢኻ። ኣእዳውካ ትኸፍት፡ ንኹሉ ህያው ዘበለ ድማ ተጽግቦ። ስለ እቲ ዘዳለኻልና መግቢ፡ ክብርን ምስጋናን በረኸትን ስብሓትን ንኣኻ ይግባእ። ነዚ ኣብ ቅድሜና ተነቢሩ ዘሎ መኣዲ: ንኣካላትና ምግቢ ምእንቲ ክኸውን የማነይቲ ኢድካ ዘርጊሕካ ባርኮ። ንሓይልን ጥዕናን ህይወትና ይኹነልና። ንኹሎም ካብኡ ዚካፈሉ፡ ምድሓንን ጸጋን በረኸትን ንጽህናን ሃብ። ንመንፈሳውን ዘለኣለማውን ምግቢ ምእንቲ ክንደሊ፡ ንኣእምሮና ኵሉሳዕ ናባኻ ልዕል ኣብሎ። ነቲ ናይ ዘለኣለም ህይወት ዝኾነ ዘይሓልፍ ምግቢ ምእንቲ ክንጽዕር ሃበና። ተኻፈልቲ ናይቲ ናይ ምሸት ድግስካ ክንከውን ሃበና። መግቢ በረኸትን ጽዋእ ምድሓንን ሃበና፡ ንልብና ድማ ብሓጎስ ምልኣዮ። ንስኻ ኣብ ኵሉ ነገር ሓጐስ ኢኻ እሞ፡ ክንበልዕ፡ ክንሰቲ ወይ ክንጽዕር ከሎና፡ ኵሉ ንኽብሪ እቲ ቅዱስ ስምካ ኢልና ምእንቲ ክንገብሮ ምሃረና። ክብሪ ንዘለዓለም ናትካ እዩ እሞ። ኣሜን።

ድሕሪ መግቢ ዝግበር ጸሎት

ኦ ጐይታ፡ ነዚ ሎሚ ዘርኣኻና ኵሉ ምሕረትካ፡ ነታ ዝነኣሰት እኳ ኣይንበቅዕን ኢና። ኦ ጐይታ፡ ብምሕረት ሃብታም ዝኾንካ፡ ንስኻ እትድግፈናን ንልብና ብጽጋብ፡ ሓጐስን ፍስሃን እትመልኣልና፡ ስምካ ብሩኽ ይኹን። ኦ ጐይታ፡ እቲ ዝበልዕ ንጐይታ ኢሉ ይበልዕ፡ ንኣምላኽ ድማ የመስግን። እቲ ዝሰቲ'ውን ንጐይታ ኢሉ ይሰቲ፡ ንኣምላኽ ድማ የመስግን። ስለዚ፡ እንተ በላዕና፡ እንተ ሰቴና፡ ወይ ዝኾነ ይኹን እንተ ገበርና፡ ንኽብረ ኣምላኽ ንገብሮ፡ ንእኡ ድማ ነመስግኖ። ኦ ጐይታ፡ ነቲ እንጌራ ህይወት ንጥሚ፡ ከመይሲ ዝበልዮ ዘበለ ንዘለዓለም ይነብር እምበር ከቶ ኣይክመውትን እዩ። ከምኡ'ውን ነቲ ህያው ማይ ንጸምእ፡ ከመይሲ ዝሰተዮ ዘበለ ከቶ ኣይጸምእን እዩ፡ የግዳስ ኣብ ውሽጡ ናብ ዘለኣለም ህይወት ዝፍልፍል ዒላ ማይ ይኾኖ እዩ። ኦ ኵሉ እትኽእል ኣምላኽ፡ ምእንቲ እዚኣቶምን፡ ኵሎም በረኸታትካን ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ነመስግነካ ኣለና። መንግሥትን ሓይልን ክብርን ንዘለዓለመ ዓለም ናትካ እዩ እሞ። ኣሜን።

ድያቆን ቄርሎስ።

Contact:-
deaconkyrillos@gmail.com

Cyril

Source: Coptic Reader

To

Tewahdo Reader

ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን።

Cyril